## ምምሕዳር ከተማ ስያትል ብዛዕባ ሓደገኛ ማተሪያል(ነገር) ዝሃቦ ሓበሬታ

**ትሕዝቶ ሓበሬታ፡** ሓደ-ሓደ ፈሳሲ ወይ ዝተከኸ ነገር ብግቡእ እንተ ዘይተታሒዙ ኣብ ልዕሊ ጥዕና ሰብን ኣብ ንብረትን ብዙሕ ሓደጋ ከውርድ ከም ዝኽእል ፍሉጥ እዩ። እቶም ሓደጋ ክብጽሑ ዝኽእሉ ነገራት ብዓይኒ ክርኣዩ ወይ ብጨና ይኹን ብመቕረት ክይንፈልጦም ንኽእል።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ኣብ ከባቢኹም ብዘለዉ ሓለፍቲ ዝወሃብ መምርሒ ምኽታል። እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ተራእዩ ኣብ ዘለኹምዎ ክትጸንሑ ወይ ብህጹጽ ክትወጹ ትእዛዝ ይመሓላለፍ ይኸውን።
- ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ክትጸንሑ እንተድኣ ተኣዚዙ ቤተሰብኩምን ዘለዋኹም ናይ ገዛ እንስሳትን ንገዛ ከም ዝኣትዉ ምግባር። መዓጹ፤ መሳኹትን እቶን ናይ ሙቐት ሓዊ(ፋየር ፕለይስ) መዕጸውን ምዕጻው፣ ኣብ ማዕጾን መሳኹትን ዝርከብ ንፋስ መእተዊ ቀዳዳት ጥሉል ሽጎማኖታት ምስጣሕ። ከምኡ'ውን ዝሑል ወይ ዉዑይ ኣየር ዘእቱ ዝኾነ ቀዳድ ከም ዝዕጾ ምግባር። ኣብ ከባቢኹም ብዝርከቡ ነገራት ተጠቒምኩም ንዝኾነ ኣየር ክኣትዉ ዝኽእሉ ቀዳዳት ምዕጻውን ብዝተኻእለ መጠን ካብ'ቲ ቀዳድ ወይ ነቓዕ ዘለዎ ቦታ ምርሓቕ።
- ካብ ገዛኹም ክትወጹ እንተድኣ ተኣዚዙ ቀልጢፍኩም ምውጻእ። ካብ ገዛ ወጺእኩም እትጓዓዙሉ መንገዲ እንተድኣ ተሓቢሩ ነቲ ዝተዋህበ ሓበሬታ ወይ ናይ መንገዲ ምልክትታ ምኽታል።
- ሓደ ነገር ማለት ከም ከሚካል ዝኣመሰለ ክፈስስ እንተድኣ ርኢኹም ካብ'ቲ ከባቢ ምርሓቕን ንካልኦት ምንጋር ወይ ምጥንቃቕን ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ፈሳሲ ንምሕባር 911 ምድዋል።
- ከሚካል ወይ ባዮሎጂካል ነገር እንተድኣ ሒዝኩም ወይ ፈሲሱኩም ናብ ማእከል ምሕደራ መርዚ ብቑጽሪ ስልኪ (1-800-222-1222) ደውሉ ወይ ናይ ሕክምና ረድኤት ክግበረልኩም ሕተቱ።
- ብሬድዮ ዝወሃብ ህጹጽ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ክንብብ ወይ ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጥዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

***ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ:***

http://mil.wa.gov/emergency-management-division/hazards/hazardous-material

http://www.ready.gov/hazardous-materials-incidents

http://www.redcross.org/prepare/disaster/chemical-emergency